# መድረኽ

*ሕታም ቁ. 15 11/29/2015 ብተስፋልደት ባህልቢ*

## ትሕዝቶ


| ፍቕዲ | ኣርእስትታት | ገጽ |
|---|---|---|
| 1 | መቕድም | 1 |
| 2 | ሓተታ | 3 |
| 3 | ብዛዕባ ሰብ | 7 |
| 4 | ግዘ ዋይ ግዘ ብግጥሚ | 9 |
| 5 | መዋጽኦ | 12 |
| 6 | ኣብነታት | 13 |


# መቕድም

ነዛ ዛዕባ እዚኣ ክትዳሎ፡ ዘበራበሩ ምኽንያታት፡ ግዘ ዝሓቑኖም ዘሎ ተኣፈፍቲ ዛዕባታት፡ ኣበይ ገጾም ኣቢሎም የምርሑ ከም ዘለዉ፡ ግምታት ንምሃብ እዩ። ንቑልቁል ገጾም። ቅድሚ ናብቲ ግጥሚ ምብጻሕ ግን፡ መጀመርያ ተኣፋፍነት ናይዚ ዘሎናዮ ግዘ ክትንከፍ እዩ። ደድሕሪኡ ከኣ ሓተታ ምስ ደምደመ፡ እቲ ግጥሚ ኣሎ። ከም መዕጸዊ ከኣ፡ መዋጽኦ ጸገማትና ብኸመይ ኣቢሉ ይቃናዕ፡ ኣብ ዝብል ቁምነገር፡ ብሰፊሑ ዘይ ኮነስ፡ ብሕጽር ዝበለ ትሚእ ክበሃል እዩ።

ተበግሶ ናቱ ከኣ፡ ብዛዕባ ንእዋናዊ ጉዳይ ሃገርና ዝምልከት ኮይኑ፡ ነቲ ጌና ኣብ እግሪ ተኸሊ ዘሎ መንግስቲ፡ ገለና ከነታትዮ ገለና ድማ እግሪ እግሩ ክንቅሽምዶ፡ ዘዝከኣለና ክንገብር ጸኒሕና ኢና። ብርግጽ፡ ኩላትና ሕጉሳት ኣይ ኮናን ዘሎና።

እቲ መንግስቲ ከኣ፡ ኣዝዩ ጻቕጥ ብምኺኑ፡ እቶም ደገፍቱ እንተኾኑ እውን፡ ከመይነቱ ብልክዕ ኣይ ፈልጥዎን ኢዮም። ይኹኑ ደኣ እምበር፡ ንደገፍነቶም ዝምችኡ ኣገደስቲ ምስምሳት ብምቕራብ፡ ብዕግበት ይማጎቱ። ከም ብኸምዚ ዝስዕብ ገይሮም ይቐርቡ።

እቶም ኣብ ሀገርና ዘሎ ሕጽረታት፤ ድኽመታት፤ ሕመቓት፤ በደላት፤ ጉድኣታት… ወዘተ ዘበሉ ኩሎም ንፈልጦም ኢና። ኤርትራ ናይ ሎሚ፡ ብኸምኡ ጥራ ኣይ ኮነትን ትግለጽ። ብዙሓት ጽቡቓት ኣለዋ። ከም ኣብ ዓውደ ትምህርትን ክነ ጥበብን፤ ዓውደ ሕክምናን ክንክን ጥዕናን፤ ዓውደ ዕቃበ ማይን ምድርን ኣግራብን፤ ዝርጋሔ ጸዓት፤ ዝርጋሐ መራኸቢታት… ብዙሓት ኣገደስትን ወሰንትን መኽሰባት እዮም። ሓደ ስግምቲ ንቕድሚት፡ ከይድና ኣሎና። ካብዚ ዝያዳ ከይ ንስጉም ግን፡ ናይ ደገ ጻላእትና ምስ ናይ ውሽጢ ዓናቐፍቲና ብም ትሕብባር፡ ከዓድሙና ሑኽ ይብሉ ስለ ዘለዉ፡ ምእንቲ ድሕነት ልዕላውነትና፡ ምስ መንግስትና፡ ወይ ንሞት ወይ ንሕየት፡ ደው ንብል ክብሉ ዝመረጽ እዮም። ጉጉያት ኣይ ኮኑን።

እቶም ዘይ ደገፍቱ ዝኾኑ ድማኒ፡ ሕረስ ሓረስታይ፡ ንግድ ነጋዳይ ዘየ ፍቅድ መንግስቲ፡ ከም ሓደ

ዓቢ መርዛም ገበል  ገይሮም ኣሚኖም ፡ መሰል ህዝቢ ዘየኽብር፡- ብልሹው፤ ናይ ባዕሉ እንተ ዘይ ኮይኑ፡ ቅቡልን ልሙድን ዝኾነ ስርዓተ ሕጊ ዘይ ክተል፡ ሃውታቲ ስርዓት ከም ጌሮም ተረዲኦም፡ ድምጹን ድምጽማጹን ክጠፍእ ኣለዎ፡ በሃልቲ እዮም፡፡ ተካል ግዘ።


እዚኦም ከምዚ እንተ በሉ: እቲ ኦም ድማ ከምቲ እንተ በሉ፡ ሓደ ረቂቕ ዝኾነ ኣምር ዘኾምስዕ : ሕስበተ ኣእምሮ (idealistic thought) ዝበሃል ፍጡር ከኣ፡ ከምዚ ይብል። ናይ ኤርትራ መሰረታዊ ቁጠባዊ ምሕየሻ፡ ሕረስ ሓረስታይ/ንገድ ነጋዳይ ብምባል ፍሕፍሕ ክብል ኣይ ከእልን። ጌና ናብ ስሩዕን ዑውትን ዝኾነ፡ ብናይ ኣበርካትነትን ተጠቃምነትን ቁጠባዊ እስስር (macro and micro economics functional harmony) ዝንኩርኮር_driven ስርዓተ ቁጠባ ምስ ማዕበለ፡ ንኹሉ ነገራት ጥጡሕ ይኸውን። ናብዚ ንምብጻሕ ድማኒ፡ ናይ 3000 ዓመታት ከም እትዮጵያ፡ ክወስድ ይኽእል እዩ እኳ፡ እንተ ዘይ ተባህለ፡ ነዊሕ እዋን ከም ዘድሊ ግን፡ ውሁብ እዩ። እቲ ተጀሚሩ ዘሎ፡ ናይ ትሕተ ቅርጻ ህንጻታት ንባዕሉ፡ ናብቲ ዝድለ ዕብየት ዘብጽሕ ጎደና ኮይኑ፡ <u>ሓደ ካብቶም ሓያሎይ ንቁጠባዊ ዕብየት ዘማዕብሉ ኣገደስቲ ረቛሒታት፡</u> ከም ቀንዲ ኣማዕባሊ ቅድመ ኩነት፡ ኮይኑ ዝሰራዕ እዩ። ስለዚ፡ ልምዓት ብጽንዓት ማለት ልክዕ ፈኸራ_ slogan እዩ።

ግዘ፡ ዘይ ኣምጽኦ ነገር ከም ዘየሎ እንእምነሉ ሓቂ እዩ። ይድረፈሉን ይግጠመሉን እውን እዩ። ሰባት፡ ኣብ ክመልክዎ ዘይ ክእሉ፡ ወይ ክተ ኣማመንሉ ዘይ ክእሉ መድረኽ ምስ ኣጓነፎም "ግዘ ዝምልሾ ሕቶ እዩ" ኢሎም፡ ነቲ መልሲ ዘድልዮ ጉዳይ፡ ኣንጠልጢሎሞ ይሓልፉ እዮም። ግዘ ናይ ዝለዓለ ሓይሊ ስልጣን ወናኒ ብምዃን፡ ክገዝእ ዝኽእል ከም ምዃኑ እዩ ዘመልክት። ወይ'ዚ ግዘስ፡ <u>**ገዛኢ**</u> ተባሂሉ ክስመ ነይርዎ። ክንደይ ገዛኢታት ርኢና እሞ፡ ደይ ከም ግዘ፡ ዝገዝእ ኣይ ረኣናን።

ሕጂኸ ንዓና፡ ነዞም ተካላት ዘርኢ ዲያስጶራት ዝኾና፡ ዘጋታት ኤርትራ ኢና እንብል፡ ግዜና እንታይ ይመስል ኣሎ፡ ኢልና እንተ ሓቲትና፡ መልሱ ስውር ኣይ ኮነን። ብጉዳይ ሃገርና፡ የዕበድብደና ከም ዘሎ እዩ። እቲ ዕብድብድ ንጽቡቕ ድዩ ወይ ንኹፉእ፡ ሰጋእ ኢልና እንተ ፈተሽናዮ ከኣ፡ ዘሰንብድ፤ ዘሕዝን፤ ዘበሻጩ፤ ዘሕርቕ፤ ምናልባሸ ድማ ንገለና ተስፋ ዘቑርጽ ኮይኑ ንረኽቦ። ብውሕዱ፡ እቶም ተቓወምቲ ኢና እንብል፡ ኣብ ሰለስተ ቀንዲ ክርክራት- key controversies፡ ተመቓቒልና ተፈላሊና ኣሎና። <u>**ክርክር፡ ካብ ጉቡእካ የብኩር፡**</u> እዩ ኮይኑ ዘሎ። ንሓዋሩኸ እምበርዶ ክንሳነ ኢና?

1.ገለና ከም ተኸላኸልቲ ምድሪ መረብ ምላሽ፤ ወይ ከኣ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነታት፡ ብዘይ እንኮ ምስመስ፡ ወዳእቲ ነገር ሃገርና፡ ባዕልና ኢና በሃልቲ፡ በቲ ሓደ ወገን፤ 2.በቲ ካልእ ወገን ድማኒ፡ ገሌና ክንዮ መረብ ሰጊርና፡ ተመሻኺንቲ ወይ ተመጽወቲ-ለመንቲ፡ ናይ ወረስቲ ዮውሃንሳውያን፤ ውቢታውያን፤ ኣስፈጋድስያውያን፤ ኣሉላውያን፤ መንገሻውያንን መለሳውያንን ኳና፤ 3.ገሊኡ ከኣ ኣብ ፍጹም ድርቅና - rigidity፡ ኣብ ናይ መንፈሳዊ ምስልምና እምነት፡ ደሪቑ ዘሎ እዩ። እዚ ውደባ እዚ፡ የንጸርጽር ከም ዘሎ፡ ካብ ሓደክልተ መደሬታት፡ ዝለሓኼ ናይ መፈራርሒ ትሚእታ ወይ ሕሹኽታ፡ ክስማዕ ጸኒሑ ኣሎ።

እዚ ዝተጠቕሰ ኩሉ ተደማሚሩ እንክግምገም ከሎ፡ ስሉሳዊ ኩርናዕ ትፍነና እዩ - triangular family feuds. ተሓጺብካ ኣብ ጸብሪ:: ኮር ተገምጥሎ:: ናይ ግዘ ነገር ጉዳም እዩ።




ኣጠቓሊልና እንተ ኣስተብሃልና ከኣ ከምዚ ንርዳእ። እቲ ብናይ ብዙሓት ዉደባታት ዝፍለጥ፡ ገዲም ተቓውሞ ዝተባህለ፡ ደገፍ ናይ ህዝቢ ክረክብ መታን፡ ዘካየዶ ፈተነታት ብዙሕን ኣጽዓርን

*እዩ ነይሩ። ሒማቕ ዕድል ኮይኑ ግን ፈሹሉ። ብኣካል እኳ እንተ ዘይ ኮነ፡ ንራእይን ዕላማን ናቱ ዝምልከት ግን፡ ቀቲሉ ቀቢርዎ እዩ። ሓደ ካብቲ ቀንዲ ጠንቅታት ናይ መፍሸሊኡ፡ ምስ ወያነ ኣብ ኢትዮጵያ ምዕስካሩ እዩ - ብዘይ ጥርጥር።*

*ከም ሳዕቤናቱ ድማ፡ ነቲ በብእዋኑ እናወሰኸ ዝመጽእ ዝነበረ፡ መደረብታ ሓይሊ ንተቓውሞ ከኸውን፡ ተስፋ ዝተነብረሉ፡ ህርኩት ዝኾነ ሰብኣዊ ዓቕሚ፡ መዕለቢ ስለ ዝሰኣነ፡ ከዕነኒ ድሕሪ ምጽንሑ፡ እንሆ ሕጂ መፍቶ ጸላእትና፡ ተበታቲኑ ተሪፉ - ዝሮምሮ።*

***<u>እዚ ዝሮምሮ'ዚ ኣልቦ ዕላማን ኣልቦ መራሕን</u>*** ***<u>ኮይኑ ከኣ፡ ብሃሰሰ - ኣብ ዘየድልዮ ወሰናስን ሓሊፉ፡ ይጥሕስ ኣሎ። ኣብ ልዕሊ ህዝቢ፡ ምስ ክንደይ ጸርፍታቱ፡ ክህድድን ከጉባዕን ይስማዕ እዩ። ጉዳም'ዩ - ግዘ ክሓስም እንክሎ፡ እዚዶ ደይ'ዚ?</u>*** *እዚ ከምዚ ዝኣመሰ ጫውጫው፡ ቅምጥ ዝበለ ፋሉልነት ከም ምኳኑ ይሕብር።*

*ተሓታቲ ናይ እዚ ምዝንባል እዚ፡ ካብቲ* ***ንሻዕብያ ኣፍና ከም ዝሃበና እነማርሮ፡ ብማዕረ ወይ ብዝያዳ ዝጽይቐና ዘሎ፡*** *እቲ ብመብጽዓ ናይ ሕዳሪናይ ቀ.ም ኢትዮጵያ ዝነበረ፡ ትግራዋይ ኣይተ መለስ ዜናዊ፡ ኣብ ካርቱም ዝቖመ፡* ***<u>ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪንዳን</u>*** *ኣይ ኮነን እንድዩ?*

*ገመል ሰሪቕካስ ጉምቡሕ ጉምቡሕ! Stop blaming Higdf if you are not better. Stop blaming no one, let alone Isayas, if you do not have any justifiable reason to convince The Eritrean people what you are cooking for them. People are sick of Those making business out of our domestic problems.*

*ንሱ እዚ ኪዳን ዝተባህለ ነውራም ጉጅለ፡ ወናኒ ግደ ናይ ተቓውሞ ኣሎኒ ኢሉ፡ ክፍለጥ ዝፈተነ ናይ ጎራሓት ጥርናፈ፡ ሚእቲ ካብ ሚእቲ፡ ጠንቂ ዝሮምሮ ናይ ተቓውሞ፡ ንሱ ጥራይ እዩ፡ ክበሃል እኳ እንተ ዘይ ተኻእለ፡ ወናኒ ተራ ዘበርከተ ግን፡ ንሱ እዩ - ብዘይ ጥርጥር። ቆርበት ኣብ ምጥቡሑ ድዩ ወይስ ኣብ ምጽጥሑ ተበላሽዩ፡ ኢልና እንተ ሓቲትና፡ ኪዳን ከኣ ኣብ ምጅማሩ ድዩ ወይ ኣብ ስርሑ ተበላሽዩ፡ ኢልና እንተ ሓቲትና፡ ኣብ ምጅማሩን ኣብ ስርሓቱን እዩ።*

***<u>ሓደ ካብቲ ወሳኒ መትከላቱ፡ ሓፋሽ መታን ከይ ጽንበሮ "ብዘይካ ብኣገባብ ጉባኤ ኣቢሉ ዝቖመ ውድብ እንተ ዘይ ኮይኑ"፡ ማዕጾኡ ሸጊጥዎ።</u>*** *ስለምንታይ? ኣዝዩ ድሑር ብዝኾነ ዑምቆት ዘለዎ ፈላላይ ኣተሓሳስባ ከም ዝነበሮ ድሒሩ ተጋሂዱ። ምስ ኤርትራዊ ጀሃድነት፡ ናይ ምውሳብ ብቕዓት ኣለዎ ተባሂ ዝሕመ፡* ***<u>ተዳሙን ተባሂሉ ዝፈጥ ተወሊዱ።</u>***

*ምናባሸ፡ ከመይነት ኪዳንን፤ ተዳሙንን፤ ባይቶ ኣዋሳን ዝደናገር ሰብ እንተሎ፡ ብኸመዚ ክፉኾስ ይከኣል እዩ።*

*ባይቶ ኣዋሳ ማለት = ይኸውን ኪዳን፤*
*ኪዳን ማለት = ይኸውን ተዳሙን፤*
*ስለዚ - ባይቶ ኣዋሳ ማለት = ተዳሙን እዩ።*

*ከምዝን ዝኸምዝን ዝበለ ሞኖፖላዊ ጥርናፈታት፡ መስርሕ ናይ ዲክታተርነት፡ ብዝኸፍኤ መልክዑ ከገሃድ እንክሎ ይሕብር። ብሰንኩዶ ኣይ ኮነን ክበሃል ዝከኣል፡ ውድባት ኢና ዝብላ፡ ክንደይ ዳይላ ሓሙሽተታት ድየን ተራቢሔን?*

*ሕጂስ ከኣ በዚሑ ኪይ ትብሉ ደኣ እምበር፡ እንተ ደኣ ህዋሳት ሓንጎልና፡ ብልክዕ ዘገልግሉና ኣለዉ ኮይኖም፡ እዚ ዝስዕብ ኣብነት፡ ክስቆረና ኣለዎ። ካልእሲ ይትረፍ፡ ብቛንቋ ናይ ተዳሙን፡ ክንዛረብ እንተ ደኣ ኬና፡ ክልተ ዉሩያት ሰብ መዚ **ናዝራውያን**፡ ነዛ ክብርቲ ሃገር ከም ዘይ ተጋደሉላ፡ ኣብ ቀዳማይ ዓመታዊ ጉባኤ ኪዳን፡ ብሰንኪ ክልተ ተቓነቕንቲ ናታቶም ከም ዝስጎጉ ተገይሮም። ተቓውሞስ ብኸምዚ የኣይ? ሕፍረቱ ዝቐንጠጠ ጥርናፈ። ደሓነይ! ንኺድ ጥራይ እም።*

*ነዛ ጌና እግሪ ዘይ ተኸለት ዘላ ሃገር፡ ብናይ ደገ ጸላእታ፡ ዝወርዳ ዘሎ ተጻብ ኦታት፡ ሓደግኡ ክሳብ ንምፍራሳ፡ ዝዓለመ ንጥፈታት ከም ዘለዎ ይጥርጠር እዩ። እዞም ዝተጠቕሱ ዝሮምሮ፡ ከም መእሰሪ ዝሰኣነ ማእዶ ተዘርዮም እንከለዉ፡ ፊን ከከም ዝበሎም ገይሮም፡ ህዝቢ ምስ ህዝቢ ዘተፋንን ጠንቅታት፡ ዝዕድም ጀሚሮሞ ዘለዉ ኣንፈት፡ ኣጻጋሚ እዩ። ንሳቶም፤ ምስዚ ንኤርትራ፡ ኣብ ምብትታን ከብጽሕ ዘኽእል ሓደጋ ዘሎዎ ተበግሶ፡ መርመራ ዘካይድ ዘሎ፡ ኮሙስዮን ውድብ ሕቡራት ሃገራትን/ኣማሪካን፡ ተሓባበርቲ ናቱ ብምዃን፡ ካብ ኣደባባይ ጀነቫ ክሳብ ኣደባባይ ኒውዮርክ፡ ብኸንደይ ዓጀባ ሆ ክበሃል ወሪሖ ኣሎ። ዘይ ተደላዩ ዕንደራታት። ዋይ ኣነ ሸእ!!*

***ብኻልእ ወገን ድማ፡ ጸረ ናይ'ዚ እኽብካብ'ዚ ዝኾነ፡ ጥርኑፍ ተራጻሚ ሓይሊ ክህሉ ናይ ግድን እዩ። እዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ምትፍናን፡ መንጸብረቕታ ናይቲ ኣብ ዓዲ ዘሎ ህዝቢ እንተ ደኣ ኮይኑ፤ ኦርማይ ኣብ ናይ ሓድድሕ ስቪላዊ ምትህርራም ዝእንፍት ዘሎ እዩ። ዝሰምዔ ይሰማዒ፡ ዘይ ሰምዔ ይስማዕ! ግዘ ይሰዕረና ኣሎ።***

*በዝን ዝኸምዝን፡ ብቕድሚኡ ክበዓጥን ክልዕጠጥን ዝጸንሔ፡ ጸገማት ሃገር ድማ፡ ነቲ መንግስቲ ስትራተጂኡ ወይ ስልቲ ናቱ፡ ንኽቕይር ዝግድዶ ዘሎ ይመስል። ካብ መንግስቲ፡ ከም እንደገና ናብ ተጋደልቲ፡ ዝቕየር ዘሎ ይመስል። ኣብ ምንጎ እቶም ከበድቲ ሰብ ጹሮራ ጀነራላት፡ ዘሎ ውህደት ጥዕና እንተ ደኣ ሃልዩዎ ኾይኑን፡ ብብልሽውና ዘይ ተነድፉ እንተ ደኣ ዘይ ሃልዮም ከኣ??? እዛ ሃገር ከም ልማዳ፡ ሕጂ እውን እና ተቓለሰት፡ ነዚ ሒማቕ ግዘ ክትሓልፎ ንኽትክእል ዕድል ኣሎ። እንተ ዘይ ኮነ፡ ዝሰምዔ ይስማዕ ዘይ ሰምዔ ይስማዕ ግዜ ይስዕርር ኣሎ። እወ፡ ኣብ መስርሕ ናይ ገድሊ ዝተኣተወ ዝመስል ኣፋፍኖት ኣሎ። እንተ ተጋግየ - ትጉሽተተይ።*

*ምንስተር ዛባዊ ምምሕዳር፡ ኣይተ ወልደሚካኣል ኣብርሃ፡ ንምሕደራ መሬት ዝምልከት ሕጋጋት፤ ናይ 94ዓም ኣመልኪቱ፡ ንዘሰላሰሎም ሰሚናራት ብቪድዮ ዝቐረጽዎ ኣርእዮሙና - ግርም፡፡ ኣበየናይ እዋን ወይ ከኣ መዓስ ከም እተኻየደ ግን፡ ጉሉጽ ኣይ ኮነን።*

*ምኒስተር ወልደንኬል፡ ሓደ ካብቲ ብዙሓት መግለጺታት ዝሃቦ ፡ ቃል ብቓሉ ከምዚ እንክብል ኣበሲሩ፤ "ምንስትሪታት ኤርትራ፡ ሓገግትን - Regulatory ተቖጻጸርትን ተግበርትን ኣካላት ከም ምዃኖም" እዮም። ኣድዮ!*

*ኣብ ናይ ሻዕብያዊ ገድላዊ መድረኽ፡ ማለትሲ - ኣብ ናይ ሜዳዊ "Poletical Bureau" ዝዓይነቱ ምሕደራ ከም ዘሎና ኮይኑ ኣየ ሰምዕንዶ? ባዕሎም ሓገግቲ፤ ባዕሎም ተግበርቲ፤ ባዕሎም ተቖጻጸርቲ ደኣ ከመይ ድዩ ነገሩ? ኣብ ዘመነ ገድሊስ ሕራይ፤ ኣብ ዘመነ መንግስቲ ደኣ ከምኡ'ኸ ኣሎ ድዩ? እስተረና ደኣ እምበር፡ እዚ ግዜ እና ሓየለና ይኸይድ ኣሎ። ብዛዕባ ዋንነት መሬት ዝምልከት ስኳ፡ __ብዘይካ እቲ ኣብ ተጠቃምነት ዝሕመረቱ ሓዲሽ ሕግታቱ፡__ ካሊእ ግን፡ ንቡር ኮይኑ ዝጸንሔ፡ ሕብረተሰብኣዊ ኣፍልጦ ዓቂቡዎ ዝጸንሔ፡ ስኑድን ዘይ ሱኑድን ናይ እንዳባ ሕግታት እዩ። ኣብዚ ጠውቕ>> Medrek6. ንኺድ!*

## *ሓተታ*

*ነዚ ግዜ ዝበሃል ዓጋቲ ዘይ ብሉ ደርማስ ሓይሊ፡ ምስ ናይ ሰብ ተግባራት ብምዝማድ፡ ክገጥመሉ እፍትን ኣሎኹ። ንግጥሚ ዝኸውን ክእለት፡ ስለ ዝሓጽረኒ ግን፡ ጻገም ክህልወኒ ከም ምዃኑ፡ ኣቐዲመ ክመኻኸን ይሕሸኒ። ቅድሚ ምብጋሰይ ድማ፡ ከም ርድኢት ናተይ፡ ተራ ናይ ግጥሚ፡ ኣብ ውራይ ናይ ምልልስ (interaction) ብዘረባ ይኹን ብሰነ ጽሑፍ ዘበለ፡ ብኸመይ ከም ዘገልግለና፡ ንመረዳእታ ክገልግሉ ይኽእሉ ይኾኑ እዮም፡ ኢለ ዘንቀድኩዎም ሓፈሻዊ ዝኾኑ ቁም ነገራት፡ ክቕድም እየ።*

*ግጥሚ፡ ፍሉይ **መልክዕን ኣወዳድቓን** ዝኽተል፡ መግለጺ ናይ ሓደ ሓሳብ ወይ ስሚዒት እዩ። ናይ ባዕሉ ስሩዕ ሕጊ ዝኽተል ኮይኑ፡ **ብፍሉይ ቅርጽን ሪምታን** (rhyme) **ይሃርም።** ስለዚ፤ ስእሊ፡ መግለጺ ናይ ሓደ ቅርጺ ከም ምዃኑ መጠን፤ ግጥሚ ድማ፡ ስእሊ ናይ ሓደ ሓሳብ ከም ምዃኑ እዩ። ግጥሚ፡ ንሓደ ሓሳብ፡ ዘይ ከም ናይ ስዲ ንባብ፡ በቛራጭ መንገዲ የረድእ። ንድቀት ወይ ቅርጺ ናይ ሓደ ግጥሚ ድማኒ፡ ኣብ ሓደ መስመር፤ ኣብ ክልተ መስመራት ወይ ከኣ ዝያዳ ይሰራራዕ እዩ። ንኣብነት፤*

=============================================================

=============================================================

=============================================================

=============================================================

=============================================================

===================================== ሰደቓ ይቕጽል - follows a spread sheet

| ናይ ሓደ መስመር ሪምታ | ናይ ክልተ መስመራት ሪምታ | ናይ ሓያሎ መስመራት ሪምታ |
|---|---|---|
| 1 ንርስቲ-ይዋጋኣላ ኣንስቲ።<br>2 ካብ ምህሮ - ኣእምሮ።<br>3 ኣቱም ኣቦይ ሓድጉ-ጓልየ ኣነስ ሕደጉ ሕደጉ። | ንጉስ ሓማስን - እዚ ዕዋኖ፤<br>ኣብ ኢዱ ከሎስ - ልማኖ።<br><br>ዋይ ኣነ ሃላይ - ዋይ ኣነ ሃላይ<br>ኣባጊዔይ ሸይጠስ - ንገዛ ክራይ። | ውራይዶ ይሰልጥዩ - ብጠንበርበር?<br>ብዘይ ራእዩ - ብዘይ ቁውም ነገር፤<br>ምናዳ-ምናዳ - ኣብ ጉዳይ ሃገር፤<br>ፋይዳ የብሉን - ሃለወው ብኸፈር።<br><br>ዋይ ክሓስም - ፍቕሪ ማዕዶ ማዕዶ፤<br>እግርኻ መሊእካ - ዘይ ተኸዶ፤<br>ስቕ ይሓይሽ - ከላእ ትዋረዶ።<br><br>ግጥሚ ካብ ኣደ ዜማ ሃገር ጸሃይቱ በራኺ<br>Click >> TsehaituBeraki<br><br>መጀመርያ ፍቕሪ - ኣብ መን ተጀመረ<br>ኣዳምን ሂዋንን - ዓለም ምስ ተፈጥረ<br>ኣነስ ኣይ ፈለጥኩን - ኣብ ልበይ ሓደረ<br>እንታይሞ ክገብር - ዕድለይ ካብ ኮነ። |

| | | |
|---|---|---|
| | | ይፍለጠካዶ - ኣነ <u>ክፈልጠካ</u><br>የፍቅረኪየ - እና <u>ደጋገምካ</u><br><u>ፍቕሪ ዑውርዩ - ዋዛ ከይ መስለካ።</u> |

እዚ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ቅርጺ ወይ መልክዕ፡ ናይ ግጥሚ እንክኸውን ከሎ፡ እቲ ኣወዳድቓኡ ድማ፡ ዝተወሃሃደ ሪምታ ምስ ዝህልዎ፡ እቲ ንሱ ከመሓላልፎ ዝኽእል መልእኽቲ፡ ንጹርን ምቁርን ኮይኑ፡ ባህታታት ልቢ (ባህልቢ) የሕድረልካ።

ብተመሳሳሊ መረድኢ ክንርድኦ ምስ እንኽእል ከኣ፤ ግጥሚ ማለት፡ ከም ቅኒት ናይ ሓደ ሙዚቃ ማለት ይኸውን። ግጥሚ እምበኣር፡ ናይ ቃላት ጥርኑፍ ህርመት ዘለዎ ውደባ ኮይኑ ፡ ዝተቓነየ ሪምታ ወይ ቅኒት ዘስምዕ ስነጥበብ ክበሃል ይከኣል፡፡ እቶም ደረስቱ ከኣ፡ ገጠምቲ ወይ ከኣ ቀነይቲ ንብሎም። **ሓደ ካብቶም ተደነቕቲ ዘመናውያን ገጠምቲ፡ ናይ ሕዳሪናይ ዶ/ር ርእሶም ሃይለ ቅያ ከምዚ ክብል እንክሎ [1] ኣዳምጽ።**

እቶም ብቑዓት ገጠምቲ ዝበሃሉ፡ ፍሉይ ዝበለ ክእለት ናይ ምቕናይ፡ ዝተዓደሎም **<u>ጠበብቲ ወይ ጠባይብ</u>** እዮም። ግጥምታቶም ድማኒ፡ ስሩዕ ኣገባብ ዝኽተሉ ኮይኖም፡ ኣብ ኣደማድማኦም፡ ስሙርን ልኡምን ዝኮነ ሪምታ የስምዑ እዮም። ንሱ ጥራይ ከይ ኣኸሎም ከኣኒ፡ ከም ፊን ዝበሎም ገይሮም፡ ኣብ ሞንጎ መስመራት ናይ ሓደ ሕጡብ፡ ስቱር ዝኾነ መሎኮት ናይ <u>ዝቕረራ</u> ወይ <u>ኣሽሙር</u> ጸፍዮም (embed) ከመሓላልፉ ትዕድልቲ ኣለዎም። ነቲ መሎኮት ናይ መልእኽቶም ንምርዳእ ውን፡ ሓንሳብ ሓንሳብ ሕይል ስለ ዝብል፡ ዓቕሚ ወይ ክእለት ናይቲ ነባቢ ወይ ሰማዒ ሰብ ዝሓትት እዩ። ከም ኣብነት ክንውከስ እንተ ደኣ ክኢልና ከኣኒ፤ ነዚ ዝስዕብ ምምልካት ሓጋዚ እዩ።

ግጥሚ፡ ካብ ሓደ መስመር ናብ ዝኽተል መስመር፡ ንዝርከቡ ቃላት ዘበሉ ኩሎም፡ ብሓንቲ ፊደል ከም ዝጭርሱ ጥራይ ምግባር ማለት፡ ናይ ግድን ኣይኮነን። እቲ ዘገድስ፡ ሓሳብ ምስ ተወርወረ፡ ኣበይን ብኸመይን ይዓልብ እዩ። እቲ ኣተዓላልብኡ ከኣ፡ ጹብቕ ኣወዳድቓ፡ ናይ ቅነያን ረምታን፡ ምስ ዝህልዎ፡ ክብረቱ ዝሓለወ ወረጃ ግጥሚ ይኸውን።

ትግርኛ ኣርሓ ቋንቋ ከም ምኳኑ መጠን፡ ኣብ ኣገጣጥማ ናቱ ምስ ነስተብህለሉ፡ ክልተ ዓይነታት ኣቀጫጭ ሪምታ፡ ዝኽተል ኮይኑ ንረኽቦ። እቲ ዝፈኾሰን ዘየድክምን ግጥሚ፡ ማለት - እቲ ሪምታ ናቱ ብናይ **<u>ዓንቀጽ ናይ ቃል ወገን</u>** (verb part of speech) ክኣስር እንከሎ እዩ።

እቲ ዝተረረ ግጥሚ ግን፡ እቲ በቶም ካልኦት **<u>ናይ ቃል ወገናት፡ ከም ብናይ ስምን ክንዲ ስምን (noun & pronoun) ወሳኒ መሳርዕን</u>** ወ.ዘ.ተ ዝኣመሰሉ ሪምታ፡ ጠሚሩ ዝኣስር እዩ። እዚ ብሻላማላ ኣይ ከናወንን እዩ። ዕሙቕ ዝበለ ክእለት ይሓትት። (my dream is to get my theorem scrutinized by scholars and incorporated into a cariculem of language art of higher educational institution in our country – if there is any.)

**<u>ሪምታ፡ ብናይ ዓንቀጽ ቃል፡ ክቕለስ እንከሎ (rhyming using a verb)</u>**
እንተ ሓሰመና - እንተ **<u>ከፍኣና</u>**፤

*እንተ ጠሚና - እንተ **ዓረቕና፤***
*እንተ ደኺምና - እንተ **ሓመምና፤***
*ካብ ቁልምጽና - ሞት **ይሕሸና።***

*እዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ኣወዳድቓ ግጥሚ፡ እቲ ዝቐለለን፡ ሓይሊ ሓንጎል ዘይ ሓትትን፡ ወጀሃላ - casual ስራሕ እዩ። ዝኾነ ሰብ፡ ብላብሽ ይኹን ብዘይ ላቢሽ፡ ከገብሮ ዝኽእል፡ ፈኹሽ ግጥሚ ማለት ከም ምዃኑ፡ ዘማትእ ኣይ መስለንን። እቲ ናቱ ምኽንያት ወይ ጠንቂ ከኣ፡ እዞም ተሰሚኑሎም ዘለው ቃላት፡ ኩሎም ናይ ዓንቀጽ ቃላት ከም ምዃኖም መጠን፡ ንኽገጣጠሙ ከኣ፡ ትኩር ዝኾነ ክእለት ናይ ገጣሚ ዘይ ሓቱ ቆሎጥጥቖ - generic እዮም።*

***ሪምታ፡ ብናይ ስም ቃል፡ ክቕለስ እንከሎ (rhyming using a noun)***

| | |
|---|---|
| ሀ) *ጸባ ተጥብዎም - ናይ **ኣጥባታ፤***<br>*- ኣብ መንፎቕም -*<br>*ፍሑኽ-ፍሑኽ - ባይታ **ባይታ።*** | ለ) *ካልኣት ውን መጹ - **በብተራ፤***<br>*ካብ ኤውሮጳ ኣቕሽሽቲ - **ደባትራ፤***<br>*ከምዝምዙ ሃብቲ ባሕሪ - ናይ **ኤርትራ** ፤*<br>*ጸኒሖም ግን ህጥም - ንሳ **ዝኣሰራ፤***<br>*ወዳጅ ግዘ፤ ምኩሕየ ንዝበለ - ኣብዛ **መፈንጠራ።*** |

*እዚ ዓይነት ኣገጣጥማ እዚ ግን፡ ከይ ደኺምካን ከይ ሓሰብካን ኣይ ሰልጠካን እዩ። ሕይሊ ዝበለ እዩ። ምኽንያቱ፡ እቶም ነቲ ሪምታ ሓሊዮም ዘለው ናይ ቃላት ወገን፡ እዞም ተሰሚኑለም ዘለዉ ቃላት ኩሎም፡ ከም ስርርዕ ሰዋስው ናታቶም፡ ኣስማት ብምዃኖም እዮም።*

*ካብዚ ዝተጠቕሰ ኩነት ብምብጋስ፡ እዚ ዝቐጽል ግጥሚ፡ ኣቓልቦ ናቱ **ኣብ ሂወት ናይ ሰብ፡** ተራ ናይ ግዘ፡ ክሳብ ክንደይ ኣገዳሲ ከም ምዃኑ፡ ከህንደስ እዩ። ክሳብ ክንደይ ከይ ክእሎ ደኣ እምበር፡ ኢታ ዘላትኒ ክእለት እንተ ወከፍኩዋ፡ ኣይ ትኽፍእንያ፡ ዝብል እምነት ኣሎኒ፡፡*

## *ብዛዕባ ሰብ*

*ሰብ ደኣ ከመይ ከመይ ማለት ድዩ? ሰብ'ዚ ርጉም፡ ክበሃል ንሰምዕዶ ኣይ ኮናን? እወ፡ ሰብ ርጉም ከም ምዃኑ ንስሕቶ ዲና? ግን ከኣ ምሩቕ ሰብ ከም ዘሎ እውን ዘይ ምዝንጋዕ። ብዛዕባ ሰብ ዝርጉም እንተ ዘይ ኮይኑ፡ ብዛዕባ ምሩቕ ሰብ ግን፡ ሰሃሮ የልቦን።*

*ብቐዳማይ ከም ገለ ኢለ፡ ኣብዛ መራኽቢ ተይ ምስውሳው ክብል እንከሎኹ፡ ከምዚ ዝብል ዘረብ ካብ ጓለባት ክብራ ርእሶም ኣብ ቲቪ ካብ ሸወደን እሰመዕ። **"ሰብ፡ ነዛ ምድሪ፡ ከዓያን ከሕልዋን ከም ዝተዋህበቶ"** ትብል_። ተመሲጠ። እዚኣስ፡ ሓብትኻ እንተ ትኸውን፡ ኣይ ምበልኩምንዶ?*

*እንታይ ስለ ዝወረዶ፡ ደኣ ኮይኑ እዩ፡ ከምኡ ዘይ ገበረ? በንጻሩ ግን፡ ነዛ ምድሪ፡ ከበላሸዋን ከዕገርግራን ዝነብር ዘሎ እዩ። ብዛዕባ ዕዮ እንተኾነ ስኳ፡ ይበል ዘብል ዕዮ፡ ክንደይ ዘይ ዓየየ። ብግስ ከይ በለ፡ ሕጊ ስለ ዝጠሓሰ ግን፡ ናይ ሞት ፍርዲ፡ ተበይንሉዶ ኣይ ኮነን - "መሬት ኢኻ እሞ፡ ናብ መሬት ክትምለስ ኢኻ"፡ ተባሂሉዎዶ ኣይ ተባሀሎን? ድሕሪ ሞትከ - ኣብዛ ገሃነብ!*

*እወ፡ እዚ ሰብ ዝበሃል ርጉም፡ ብግስ ከይ በለ እንድዩ፡ ሓው ንሓዉ ዝቐተለ - ቃኤል ንሓዉ ኣቤል ቀተሎ። እወ፡ እዚ ሰብ ዝርጉም። ኣብዛ ኣባጅጎ ዝሰርሓ፡ ክብርቲ ምድሪ፡ እቲ ናይ መጀመርታ ፍጡር ኮይኑ፡ ብትንፋስ ፈጣሪ ዘስተንፈሰ ርጉም ሰብ፡ ኣዳም ዝበሃል ጉዳመይና፡ ገበን ምስ ፈጸመ፡ እንታይ ደዩ ዝበለ?*

*ኣብ ክንዲ ብገበኑ ዝናሳሕ፡ ነቲ ሰብ ንክኸውን፡ ካብ ሓመድ ጠፋጢፉ ዝመሃዞ ፈጣሪ ፡ ነቲ ገበን ናይ ባዕሉ፡ ናብ ፈጣሪኡ ከላግበሉ፡ ኣይ ፈተነን እንድዩ? ፈጣሪ ካብ መሰንገለ ናቱ መልሒቑ፡ ናብ ኣንስተይቲ ሰብ ሰኒዑ፡ መቛርስቱ ክትኮኖ መሪቑ ሂቡዎ። ሂዋን ዝሰማ ዑምቡሽ፡ ክብርቲ ህያብ ንኣደም፡፡ ንሳ ነቲ ንሱ ዝተነግሮ ትእዛዝ፡ ክጥሕስ ከም ዘጋገየቶ፡ ክመጻደቕ እንከሎ፡ እንታይ ማለቱ ከም ምኳኑ፡ ፍዱሕ እዩ። ነዛ ሽኮር፡ ኣሕሊፉ ኣይ ሃባን እንድዩ?*

*ሰብ ዝርጉም! እታ ቅጭን ናይ ቅጭናት ዝኾነት መቑሩሱ ብወገና ከኣ፡ ኣብ ክንዲ ተጋግየ ማለት፤ ጻድቕ ክትመስል፡ ነቲ ገበን ናታ፡ ናብ እንስሳ ዘገዳም፡ ነቲ ተናኻሲ ዝኾነ ተመን፡ ከተላግበሉ ፈቲና። ደሓርከ? ንሕና ከኣ፡ ካብ'ዚኣቶምን ናይ እዚ ኣቶምን ኢና። ኣቦ ናይ ኢትዮጵያዊት ሉሲ - Lucy፡ ዝኾነ ኣይተ ዳርዊን ዝብሎ ግን፡ እዚ ኩሉ ዓጀውጀው ከም ምኳኑ እዩ። ካብ ሓሳኹ ወይ ከኣ፡ ካብ ከም ናታቶም ባህሪ ዘለዎም ሓንጭመንጭ - spicies፡ ከም ዝተፈጠርና በሃላይ የስምዕ። ኢዶ -realy? ሕጂ እውን ንኺድ።*

*ናይ ኣዳምን ሄዋን ግርማ፡ ምስቲ ድሒሩ ዝሰዓቦ ሕፍረቶም፡ ከመይ ይመስሉ ከም ዝነበሩ ኣብ ሓንጎልና ንቕረጽ እሞ፡ ምስ'ዛ ቅርጺ'ዚኣ ነወዳድራ። [3]*

*ንሳቶም ኣብታ ለምለም ገነት፡ ጣንጡ ኣይ ነኸሶም ወይ ዕንቅርቢት፤ ዓሶ ኣይ ሓሙ ወይ ኣዝማ፤ ቡን በነጻ ሻሂ ብነጻ፤ ወይ ድማ ኣስቤዛ ይኹን ክራይ ገዛ ብነጻ ተዓዲሎም፡ እቲ ጓህሪ ዝመስል ነብሶም፤ ብዘይ ሽፈና ነጻላ፡ ማሕ ኢሉ እናተራእየ እንከሎ፡ ሂጥሂጥ እናበሉ ዓለሞም ክርእዩ ምስ ጸንሑ፡ ደሓር ግን ሃንደበት ተበላሸዮም - ሓጢኦም። ዕርቃኖም ከም ዝወጹ ፈሊጦም። ወይ ሓሳር! ብቖጽሊ ወዲ ቆጽሊ እና ተሸፈኑ ከኣ፡ ካብ ፈጣሪኦም ክሕክሉ ፈቲኖም። ገመል ሰሪቕካስ ጉምቡህ ጉምቡሕ? እዚ ኣቶም'ዮም እቶም ሰብና። ንባዕሎም ተዋሪዶም፡ ከፊልካ ዘይ ውዳእ ሓረጣ፡ ጉዲፎሙልና ሓሊፎም። ብሕሰም መሽምሽና ንነብር ኣሎና።*

*ኣየ'ወ እዚ ሰብ ዝ'ርጉም። ኣብ ክንዲ ምትእምማን ዝከሓሃድ፤ ኣብ ክንዲ ምፍቓር ዝጻላእ ኣብ ክንዲ ሰላም ዕግርግር፤ ኣብ ክንዲ ፍቕሪ ጽልኢ . . . ወዘተ ዝምቅሮ፡ ኣይዚ ሰብ ዝበሃል ዝርጉም ፍጥረት እንድዩ?*

*ሰብ እዚ ርጉም፡ ምስ እዚ ኩሉ ገበናቱ ሞሚቐ እናሓርነኸ እንከሎ፡ ነዚ መዓት ዝወረዶ ኣባጅጎ ዝበሃል ጎይታ ድማ ቁርቁስ ይጸወተሉ፡፡ **<u>ከሸከዖ ይፍትን</u>**። ንርኣዩለይ ስምዑለይ፡ ኣብ ፈቓዶ ኣድባራትን መሳጊድን እና ኳሕኩሔ፡ ስግድ ጉምቡሕ ይብል። ወይ ' ዚ ሰብ ዝርጉምሲ፡ ዘይ ገብሮ ዘይ ብሉ።*

*ኣብጅጎ ብፍቕሪ ደኣምበር፡ ብጽልኢ እና ሓረርካ፡ ስግድ ጉምብሕ እንተ በልካሉ፡ ቅጭጭ ዘይ ብሎ ከም ምኳኑ፡ ነብሰይ ነብሲማተይ፡ ንዝንግዕ እንተ ደኣ ኬና፡ ወይልና ንዘይ ፍጻም ማሕላ፡ ከምዚኣ ካይንብል፡ "ኣብ ሰማይ ትነብር ኣቦና ... ንሕና ነቶም ዝበደሉና በደሎም ከም ዝሓደግናሎም፡ በደልና ሕደገልና"። በደል ከይ ሓደግካ፡ በደለይ ሕደገለይ ምባል፡ ነባጅጎ ከተሸከዖ ምፍታን እዩ። ሕሩመይ'ለ - just like that!*

***ዝኾነ ኮይኑ፡ ብዛዕባ ሰብ ዝርጉም፡ እዮብ ሃይለ ዝገዓሮ ወይ ዓንገረር ዝበሎ ስምዑታስከ፡፡*** *[3]*

*ዜማ ኣዝማሪ እዮብ፡ ብሰንኪ ሰብ ርጉም፡ ዕድል ናይ ክልተ ፍቑራት፡ ከም ተበተነ እዩ ዝገልጽ። ነታ ኣንስተይቲ ብፍላይ፡ ተጠቃዒት ወይ ተዘዋሪት፡ ብናይ ዘረባ ሓሳዳት ሓሰውቲ ፡ ከም ዝኾነት ገይሩ'ዩ፡ እና ኣስካሕክሔ ሕርሕራይ ገይሩ ዝገልጾ። ይኹን ደኣእምበር፡ እቲ ዜማ፡ ናብ ናይ ተባዕታይን ኣንስተይትን ምስንኻል ፍቕሪ ዘድሃበ ደኣ ይኹን እምበር፡ ንኹሉ ክፍኣት ወይ ኣጠላላም ናይ ሰባት እውን ዝቐንዕ እዩ። ግን ከኣ፡ ክንደይ ሰብ እውን ብሩኽ ከም ዘሎ ዘይ ምርሳዕ። ከምቲ ሩጉም ሰብ፡ ምሩቕ ሰብ ከኣ ኣሎ እዩ። ዘዛርብ ዘሎ፡ ናይዚ ርጉም ሰብ ጥራይ እዩ። ከምዚ ከማይ፡ ክንደይ ርጉማት ሰባት፡ ኣጓ ኒፎሙኹም ይኾኑ?*

*ሰብ ዝርጉም፡ ብፍላይ እዚ ናይ ድያስጶራ ኤርትራ፡ ነዛ ሰላም ወይ ቅሳነት እትበሃል ነገር፡ ብዋዛ ፈዛዛ እና ሓሸሻ ይጎዓዝ ስለ ዘሎ፡ ጽባሕ ድሕሪ ጽባሕ፡ ካሕካሕ ምስ ኣበላ፡ ሕጂ እንተ ዘይ ተሳነየ ወይ እንተ ዘይ ተዓረቐ - ኦርማይ!*

<u>*ሽሙ ዝሞቶ ሓደ ዕስለ ንህቢ፡ መኣዝኑ ኣጥፊኡ ከም ዝበታተን መጠን፤ ወናኒ ወይ መራሒ ዝጎደሎን መኣዝኑ ዘጥፍኤን ናይ ኤርትራውያን ምትእኽኻባት፡ ብጫውጫውን፤ ህርዱግዱግን፤ ደወሻን፤ ዕግርግርን፡ ኣሉታዊ ለውጢ እንተ ዘይ ኮይኑ፡ እወንታዊ ለውጢ ከምጽእ ከም ዘይ ክእል፡ ሓያሎይ ዘይ ቀሃሙ ኣብነታት፡ ኣብ ከባቢ ሃገርና፡ ህዝቢ ንህዝቢ ይመናቖሱ ንዘለው ምውካስ እኹል እዩ። ኣፋልናን ደኣ!*</u>

*ተካል ዕድል ናይ ህዝቢ ኤርትራ ግዲ ኮይኒ፡ ግዘ ዘምጽኣም ቀይዲ በተኽ ካብ ዘጋታታ፡ ከም በዓል እትየ እገለ፡ ተሓለቕቲ ፍትሒ ኢና በሃልቲ፡ መጋበርያ ወይ ኣሰላለጥቲ ናይ ጸረ ኤርትራ ሓይልታት ኮይኖም፡ "ንብርቱዕ ማይ መራሒኡ ግመ" ከም ዝበሃል መጠን፡ መራሕቲ ብርቱዕ ዕግርግር መሲሎም፡ ካብ ኣደባባይ ጀነቫ ክሳብ ኣደባባይ ኒውዮርክ ይልምንሉ ኣለዉ።*

*ወዚ ግዘስ - እንታይ ድዩ ከርእየና? እዛ ሃገር ብኽንደይ መከራ ምስ ተረኽበት፡ ጌና ቁማላ ከተራግፍ ትፍትነሉ ኣብ ዘላትሉ እዋን፡ ኣብ ዝነበሩ ይንበሩ ብዘየገስድስ፡ ሎሚ ሕቶ ስእነት ዲሞክራስያባ፤ ስእነት መሰል ሰብኣውነት እባ፤ ድኽነት'ባ፤ ሸቕለት ኣልቦነት እባ ወዘተ፡ መዝሚዞም ህዝቢ ኤርትራ ከም ዘይ ንርድኦ ገይሮም፡ ጻደቕን እንክመስሉ፡ ክመሻሽኑ እንከለው ንዕዘብ ኣሎና።*

*ትርግታ ልቢ ህዝቢ ከም ዘቋረጸ፤ ኣእምሮኡ ከም ዝተደፍነ፤ ልሳኑ ከም ዝተቖርጸ፤ ኣፉ ከም ዝተሓትመ፤ ኣምሲሎም ይምዝሙዙ ኣለዉ። ትማሊ ትማሊ፡ ሀገርና ክድምስሱ ፈቲኖም፡ ክሳብ ሕጂ ምኺን ኣብዩዎም ንዘለዉ ደመኛታትና፡ ካብ ኣታቶም ረድኤት ክረኽቡ የኣይሲ፡ እዚ ኩሉ ሁርዱግዱግ። ክብሪ ሃገርን ህዝብን ከይ ኣውሓሱ፡ እንታዎት ምስ ኮኑ እዮም ተመጻደቕቲ መሲልም ጫውጫው ዝብሉ? እዚን ዝኸምዝን ህዝቢ ንሕዝቢ ኣብ ምትህርራም ዘኸትል፡ ጠንቂታት ኣለዎ። እቲ ምትሕርራም ድሮ ኣብ ድያስጶራ ተጀሚሩ እዩ። ኣብ ዓዲ ከይ ልሕም ካብ ሕጂ ክንጥንቀቕ ይግባእ። ደርሆ በምዑት ውላዳ ትለሄ ከም ዝተባህለ፡ ሰብ ኮይኑ በምዑት ህዝቡ ዝጣላዕ ከምይ ድዩ ነገሩ? ምቅዋም ብዘይ ሕግን ስርዓትን፡ በምዑት ህዝቢ ምጽዋት እዩ።*

*ኢሳያስ ይኺድ፤ ኢሳያስ ሓሚሙ፤ ኢሳይስ ሞይቱ . . . መዓት ወረታት ይወናጨፍ። እሞኸ - So? ሕራይ፡ ኢሳያስ ይሕመም ይጥዔ፤ ይተሓባእ ኣይ ተሓባእ፤ ሰብ ስለ ዝኾነ ምኻዱ ኣይ ተርፎን እዩ - simple. መን እዩ ዘኺዶ ወይ ዝወስዶ ግን፡ በዚ ንርእዮ ዝነበርናን ዘሎናን፡ ብናይ ዲይስፖራ*

*ጫውጫው ዝኸውን ኣይ ኮነን። እንተ ደኣ ክኸውን ከይኑ ግን ሓደ ካብ ክልተ ምኽንያታት ኣይ ሓልፍን፤*

*1) ብናይ ውሽጣዊ መስርሕ መንግስቲ ተደመሮ ህዝቢ - ንሱ ከኣ ወይ ብሰላም ወይ ከኣ ብዕልዋ፡*
*2) እቲ ካልኣይ ድማ፡ ብናይ ንቡር ሞት*

*ብዛዕባ መን ይተክእ ዝብል ጫውጫው ይበዝሕ ኣሎ። ኣንቱም ሰባት - እምበርዶ ኣይ ዘንጋዕናን? ከምዚ ዝበሃል ዘሎ እንተ ደኣ ኮይኑ፡ ኣብዚ እዋን እዚ፡ ሃገር ብዘይ ኢሳያስ፡ ንሓያሎይ ኣዋርሕ ሓሊፉዋ ከም ዘሎ እዩ። እታ ሃገር ግን፡ ይሕመቕ ይጸብቕ ብዘየገድስ፡ ከም ቀደማ ትሳለ ኣላ። ናይ ሕዳሪናይ፡ ትግራዋይ መለሲ፡ ደይ ከምኡ ክበሃል ምስጸንሔ፡ ብኣ ኣቢሉ ምስ ሓለፈ፡ እታ ወያነ ትበሃል በትሪ፡ ሰንከል ከይ በለት ትገዝእ ኣላ። በትሪ ሻዕብያ የለን ማለት፡ እንተ ደኣ ኮይኑ እሞ፡ ብዘይካ እዛ በትሪ እዚኣ፡ ካልእ በትሪ ስለ ዘየለ፡ እንታይ ዲና ክንከውን? እስተረና።* *<u>ስለዚ፡ ክሳብ ዝገበርና ንገብር፡ በትሪ ሻዕብያ ኣይ ኸለኣና።</u>*

*ካብዚ ዝሓልፍ ዝተርፍ ትጽቢት ኣይ ክህሉን እዩ። ኣብ ዲያስፖራ ስሩዕ ዝኮነ ተቓውሞ - revolution ንኽፍጠር ነዊሕ ዓመታት ተደኺሙሉ ኣይ ሰለጠን። ከይዱ ከይዱ ከኣ ሽሙ ኣጥፊኡ እዩ።*

*ከም ኣንፈት ናይ ሓያሎይ ምልክታት ዝህብሮ ዘሎ፡ ኣይ ግበሮ ደኣ እምበር፡ እዚ ኣብ ዲያስጶራ ዝካየድ ዘሎ ግመ ዕግርግር፡ እንተ ደኣ መንጽብረቕታ ናይቲ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዘሎ ህዝቢ ኮይኑ፡ ሰብ ኤርትራ ነንሕድሕዱ፡ ከተሃራረም መዓልቱ ዝበሰለ ይመስል። ምትህርራም ኣብ ዲያስጶራ ክብደቱ ብዘየገድስ ካብ ዝጅምር ሓያሎይ እዋን ሓሊፉ ኣሎ። ብዛዕባ'ዚ፡ ናይ ካልእ መዓልቲ ጽውያ ክኸው እዩ።* ***<u>ዝሰምዔ ይስማዕ ዘይ ሰምዔ ይስማዕ።</u>*** *እንተ ዘይ ሰሚዕና ከኣ - ኣብኣ ትዴና!*



***መን ዲኻ ግዘ?***

*ጻዕዳ-ጸሊም - ማዕረ ኣብ ቅድሜኻ፤*
*ነዊሕ-ሓጺር እውን - ኩሉ ሓደ ንዓኻ፤*
*እቶም ነዓቕቲ - ስልጣንካ ሓይልኻ፤*
*<u>ዉዒሎም ሓዲሮም - ኣብዛ ማሕለኻ።</u>*

*ኣይ ፈለጥኩን ነይረ - ምኳንካ ሓያል፤*
*ንኣሸቱ ከሎና - ድግምያ-ድጎም ክንበሃሃል፤*
*ነይሩ ንሰምዕ - ጎሊያድ ዝበሃል፤*
*ብኡኡ ንግረም - ገጂፍ ሓያል፤*
*ግዘ ከሎኻ - ዘይ ተናሕሲ መስሓል፡፤*
*እሳተ-ጎሞራ - ዘይ ቅህም ነበልባል፤*

*ኳኽ ዝሓርኣሉ - ብኣኻ ዘይምሃር።*

*ነዛ ሃገር ዝደለዩ ...*

*ክንደይ ፈረንጂ ዘይ መጹ - በብተራ፤*
*ካብ ኤውሮጳ ኣቕሽሺቲ - ደባትራ፤*
*ከውንንዋ - ንመላእ ኤርትራ ፤*
*ጸኒሖም ግን ህጥም - ንሳ ዝኣሰራ፤*
*ወዳጀ ግዘ፤ ምኩሕየ ንዝበለ - ኣብዛ መፈንጠራ።*

*ኣየወ እዞም ፈረንጂ - ሰብ ፈይፈይ ጋዕሲ፤*
*ሰናዲር ተኾልኩሎም - ዓረር ተኳሲ፤*
*ንምድሪ ባሕርስ - ከም ናቶም ቅርሲ፤*
*በኒኖም ደኣ ኩዱ - ሳላ ግዘ ጨካን ዘየናሕሲ።*

*ወይልኦም ዝንጉዓት - ግዘ ከሎ ግዘ ተሃዋሲ፤*
*ዘይብል ቀለስ - ሓያል ረምሳሲ፤*
*ሕጹብ መዓንጣ - ፍጹም ዘየናሕሲ፤*
*ኣብ ነባር ቁስሊ - ዝምልእ ረኹሲ።*

*ቱሩኪ፤ ግብጺ፤ ፈረንሳ - ምስ መጹ በብተራ፤*
*ደሓር ድማ - ጣልያን እዚ ዓምበርበራ፤*
*ከተማ ኣስመራ - ሮማ ምስ ገበራ፤*
*ግሒጡ ኣውጽኦ - እንግሊዝ ፍሒራ።*

*ዕድሚኤን ሓጻር'ያ - ግዘ ዘየኽብራ፤*
*ምናዳ-ምናዳ - ሎሚ ኣብ ዘመነ ሸበራ፤*
*ከም ጃንሆይ - ምኣ'ንበሳ ናብ ወኻይራ።*

*ጃንሆይ ዉን ፈተነ - ካብ ዓደ'ምሓራ፤*
*ሓጸረት ደኣ ዕምሩ - ብናይ ደርጊ ካራ።*

*ኢትዮጵያ ትቕደም - ምስ ኮነ ፈኸራ፤*
*ሰማዕናዮ ህላ - ናይ መንግስቱ ዕንደራ፤*
*እዝጊ ዝረገመን - ካብ ግዘ ዘይ መሃራ፤*
*ሸኩለን ዓለለ - ንዝምባብወ ይነፍራ።*

*ኣብ 91 ኮነ ፋሲካ - ሳላ ናህና ሶውራ፤*
*ተወልደት ነጻነት - ጠጠው ብእግራ፤*
*ክትሕደስ ምድሪ - ክርህዋ ኤርትራ፤*
*ሰላሳ ዓመታት - በረኻ ሓዲራ፤*
*ኣተወት ዓዲ - ሰማያዊት ባንዴራ።*

*ውጽእ ባዕዲ - ትክእ ዘይ ተጋህደ፤*
*ህጥም ዲሞክራስያ - ስድሪ ከይ ከደ።*

*ሓያል'ዩ ግዘ - ዋላ ዘይ እግሞ፤*
*ተሓጺብካ ኣብ ጸብሪ - ኣዳም ገረሞ።*

*እንታይ ወረዶ - እቲ መንግስቲ?*
*ኣብ ክንዲ ላዕሊ ላዕሊስ - ታሕቲ ታሕቲ።*
*ኣካይዳ ጎብየ - ኣየውፍር ኣየእቲ፤*
***ሰበት ይበላሾሎ - ቀይር ናውቲ።***
***ንብርቱዕ ሕማም - መድሃኒቱ መጥባሕቲ፤***
***ምጽብጻብ ኣይ ምሓሽዶ - ሓንቲ ብሓንቲ?***

***መን ዲኻ ግዘ?***

*እንተ ኣነጻጸረ - ሓውላል ተኳሲ፤ =(ተቓወምቲ)*
*ኣብ ክንዲ ኣብ ሕምሲ - ዝሕው ፍረ ኣብ ማእሲ።*

*እዝጊ ዝረገመን - በበይነን ኣብ ቃልሲ፤*
*ሃይማኖተ/ብሔረ/ፈደራልያ - መመሳመሲ፤*
*ማይ ንዓቕብ - ስግንጢር መልሲ፤*
*ዘይግሁድ ሕማም - የብሉን ፈዋሲ፤*
*ካብ ናይ ወያነ ክኒናስ - ሳብዕቲ ናብ ዓዲ ራእሲ።*

*እንታይ ድዩ ገይሩ - ጎናይ በዓል ጋዕሲ?*
*ብኣሊፍ ኣጥፊኡዋ - ተካሊት ነብሲ፤*

*ፍሑኽ ፍሑሕ እና በለ - ታሕቲ ታሕቲ፤*
*ኣብ ክንዲ መሶቓስ - ክኣሪ ኩዕንቲ፤*
*ንብረት ሰብ ክነሱ - ካብ ጥንቲ፤*
*ምስ ግዘ ዘይሳነ - ኣይ ውዕል ኣየምሲ።*

*ተካሊት ተቓውሞ - ኣኽፊኣ ናውቲ፤*
*በየን ጎደና? - እንተ በዘኢ እንተ በቲ፤*
*መላሲ ዘይ ብላ - ህጥም ንታሕቲ።*

*ወዳጀ ዞኽዞኽ - ወዳጀ ስብሰባ፤*
*ቦታ ተሳኢኑስ - ንኣዲስ ኣበባ፤*
*ሕሱር ተቓውሞ - መራሒ ጸበባ*
*ኣንጻር ግዘ ዝጎዓዝ - ኣብኣ ይረኽባ።*

*53 ባይቶ ኣዋሳ - 4 ወሲኽካ ሓዳስ ቅያዳ'ል ዓማ፤*
*<ይኹኑ ደኣምበር> ኣልባ ነይክፍቱ - እንተ በዝሑ ሃመማ።*

*ዘረባ ብኽፉር - ዘይቁጸር ዘይስፈር፤*
*ግዘ ክመጽእ - ግዘ ክዕዘር፤*
*ርኢናዲና - መብጽዓ ክሰባበር።*
*<ሕጂኽ>*

*ፈውሲ ካብ ወያነስ - ከመይ'ሉ ክፍጠር፤*
*እንዳ ፈከሩላ - ከም በርከኹዋ ነዛ ሃገር፤*
*ይገርመና'ሎ - ናይ ግዝ ነገር።*

*ስደርኡ ሓዲጉ - ሰብ ካባ ሰብ ዲኖ፤*
*ዓሻ በጊዕ - ምስ ቶኹላ ይጫኖ፤*
*ከም ንጉስ ሓማስን - እዚ ዕዋኖ፤ (ራእሲ ወልደንኪል)*
*ኣብ ኢዱ ከሎስ - ልማኖ ወዲ ልማኖ፤*
*ሪኢናዮ'ዲና - እንታይ ከም ዝኾኖ፤*
*ደሃይ ትመስክር - ተማሕይሩ ኩሕኖ፤*
*ንሳን ዝዕርበታን - ታ'ተካሊት ጉኖ።*

*ወዳጆ ጉያ ወዳጆ - ሀርዱግዱግ*
*ዕንደራ ጆነቫ - ህርመቱ ነንበይኑ፤*
*ዕንደራ ኒውዮርክ - ህርመቱ ነንበይኑ፤*
*ይሸትት ኣሎ ባሩድ - ህዝቢ ንህዝቢ ዘዕኑ።*

*ካብ ወረደና - እዚ ኩሉ ጋዶ፤*
*መንገዲ ዓመት - ብጥዕና ክንከዶ፤*
*ዕድመ ይሃበና - ግዝ ክሳብ ዝወልዶ።*

*ተስፋ'ሎኒ - እዝግሄር ከቐልሎ፤*
*ንሎሚ ግን*
*ካብዚኣ ሓሊፈ - የብለይን ዝብሎ።።*

## *መዋጽኦ*

*መድረኽ ደጋጊማ ክተመሓላልፎ ዝጸንሔት መልእኽቲ [4] ኩሉ ፈተነታት ናብ ሓደ ስሙር ሶውራዊ ሓይሊ ወይ ውድብ ንምምስራት ዝነበረ ድሌታትን ፈተነታትን ኣይ ተዓወተን። ስለዚ፡ ኣገባብ ቃልሲ ምቕያር ረቛሒ ይኸውን። ብሓንቲ ቃል ዝግለጽ እዩ። **ዕርቂ። መጀመርያ ኩሉ ዝነበረካ እምነታት፡ ኣራጊፍካ ምስ ዓጸኻ ምትዕራቕ -** start with a clean slate from ground zero። ብድሕሪኡ ኣብ ሓደ መጽሓፍ ኣሚንካ ትውደብ። ሓደ በዓል ቆጸሊ ኮይኑ ዝመርሓካ ትመዝዝ። ነዚ ዘሎ ስርዓት ኤርትራ ክትክኦ፡ ከም ትበቅዕ ተኣማንነትካ ካብ ህዝቢ ተውሕስ። ብኸመይ ክብጻሕ ይከኣል?*

*ሓያሎይ ጉዱሳት ሃገራውያን፡ ኣብዚ እዋን እዚ፡ ብዛዕባ ኣድላይነት መጋባኣያ ጸቒጦም፡ ከዋስኡሉ ጀሚሮም ዘለዉ፡ ዝምስገን እዩ፡፡ ንሱ እዩ እቲ ጎደና ዕርቂ። መን ጉባኤ የዋድድ?ጉባኤ ከዋድድ ዝኽእል ዝረኣየ እንተ'ሎ ዓይኑ ትብራህ? ለባማት፤ ምሁራት፤ ምኩራት፤ ምስጉናት፤ ጉዱሳት... ኣለውና ክበሃል ንሰምዕ። እሞ ደኣ፡ ባዕላቶም ድዮም በርደግ ኢሎም ወጺኦም፡ ነቲ ዕዮ ክተሓሕዝዎ? ዋላ ሓደ ሰብ ይኹን ሎሚ፡ ጉባኤ ክጽውዕ ዝኽእል በዓል ሓቦ፤ በዓል ክእለት .. ግዜኡ ሰዊኡ ክንቀሳቐስ ቁሩብ ኣሎኹ እንተ ዝብለና፡ ብትሕዝቶን ብሓሳባትን ክንድገፎ ድሉታት እንተ ደኣ ኣሎ ኮይኑ፡ ሃየ! መን ሕራይ ኪጋባኣና ዝኽእል?*

## *ኣብነታት*

*ሰለስተ ኣብነታት እዚ ኣቶም፡ ግዘ ዝወለዶም መሰጥቲ ግጥምታትን ዜማታትን እዮም። እቲ ኣብኦም ዘሎ ቁምነገር ሓዘል ግጥምታትን፡ ዘማታትን ትልሂታትን ሃብቲ እንታይነትና ዘጉልሕ እዩ።*
*1. ዶላር ብሳንኬሎ፡ ብነፍስሄር ዶር ርእሶም ሃይለ click >> **drusomHaile***
2. *ሰብ ዝርጉም ደርፊ ኢዮብ ሃይለ ዝሰዓቦ ብናይ ሓያሎይ ደረፍቲ፡ ግጥምታቱን ዜማታቱን ዘብክን ዘደስትን ኣለዉዎ። እቲ ወኒ ዘለዎ፡ ክሳብ ወጋሕ ትበል ለይቲ ዘብል፡ ደርፍታት ኣሎኩም። ናይ ሎሚ ዛዕባ ደኣ ኣይ ኮነን እምበር፡ ኣገዳስነቱ ብዙሕ እዩ። click>> sebzrgum*
3. *ስድራና ኣዳምን ሂዋንን*
4. emame *እማመ ዕርቂ*


*ብርቱኳን ክትህቦ እንከላ።*


*ካብ ለምለም ኤደን ክሳጎጉ እንከለዉ።*

*fewsilybee@yahoo.com*